# "ሓልዮትን፡ ፍትሕን፡ ሰላምን፡ መስትያት ውሉደ-እግዚኣብሔር ምዃንን'የን።"

ኣብ ዕለተ-ሓሙስን ዓርብን (25/26-07-2019) ንሓዋርያ ያዕቆብ ዓቢይ ወይ'ውን ወልደ ነጐድጓድ ንዝተባህለን፣ ንቀዳሞት ቅዱሳን
ወለድና ንዚኾኑ ብቀረባ ከኣ ብዓጽመ-ስጋ ንእኖና ድንግል-ማርያም ዚወለዱልና፡ „ንኢያቄምን፡ ንሓናን“ ዚተባህሉ ብኣኽብሮ ዚዘክርናሉ
ዝክረ-ዕለታት ኢዩ ነይሩ። ዕለት 31-07-2019 ከኣ ናይ'ቶም ህቡባት ሚስዮናውያን ንዚነበሩ ክልተው ቅዱሳን ቤተክርስትያና ንዚኾኑ
እግናጽዮስ በዓል ሎዮላ ማሕበር ኢየሱሳውያን ዚመስረተ (እስፓኛዊ ዜጋ=ብ31-07-1556 ኣብ ከተማ ሮማ'ውን ዚሞተ)፣ ያዕቆብ
ዩስጢኖስ ወዲ ማሕበር ቅዱስ ቪንቸንሶ - ላዛሪስት (ኢጣልያዊ ዜጋ=ብ31-07-1860 ኣብ ጐልጐል ኣልገደ ምድረ-ኤርትራ ዚሞተ) እሞ
ከኣ ኣቦ ሓበሻ ንኺኸውን ዚበቅዐ ውሉድ፣ እንዝክረሉ ሰናይ ዝኽሪ'ዩ። ንዅሎም ብሓባር ጠሚርና ከኣ ምስ'ዚ ዓመታዊ ድግስ ናይ
ሾስምና ዚኾነ ላእከ-እግዚኣብሓርን ፈታው-ማርያምን ዚብል ስመ-ቅጽል ዚተዋህቦ ቅዱስ ያዕቆብ ኪንዝክሮም ንርከብ ኣሎና። እቶም
ጻድቃን ስለ ዚጨርሑ፡ እግዚኣብሔር ሰምዖም፣ ንለውሃት ልቢ ቀረባኦም ስለ-ዚኾነ ከኣ፡ ካብ ኵሉ መከራኦም ኣድሓኖምI እናበሉ
ለባስያን ኣገልገልቲ ከም-ዚዘመሩልና፣ እቲ ሎሚ ካብ ወንጌላዊ ሉቃስ ዚተዘንተወልና ትምህርተ-ቃል ምስ'ቲ ገድለ-ሓዋርያትና
ዚተኣሳሰረ ብምዃኑ፣ ናብ ኣስተንትኖ ንክነውርዶ ኣድላይነቱ ልዑል ኰይኑ'ዩ ዚርከበልና። እቶም ዓመታዊ በዓለ-ድግስ እናገበርናሎም
እንድስተሎም ዘሎና ሰማዕታት ዚኾኑ ላእካነ-እግዚኣብሔር ኵሎም ብሓበራ፣ ገድለ-ታሪኾም፡ ኣብ'ዚ ኣቀዲምና ከነንብቦ ኣብ ዚጸናሕና
ቃለ-ወንጌል ዚተሠረተ ብምዃኑ ኣፍልጠ ዘድልዮ መሪሕን፡ ሰኸምን'ዩ ንነፍስወከፍና። ምድራዊ ተልእኮ „ወልደ-እግዚኣብሔር“፣ ማለት፡
ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ፦ ኣብ'ቲ ካብ ራብዓይ ምዕራፍ ኣትሒዙ ክሳብ ኣብ ምዕራፍ ዓሰርተው-ሓደ ናይ መወዳእታ ፍቅዲ ተዘርዚሩ ኣብ
ዘሎ ናይ ወንጌላዊ-ሉቃስ ትረኻ እንተ-ተመልከትና፦ ኣብ ገሊላን፡ ኣብ ናዝሬትን፡ ኣብ ቅፍርናሆምን፡ ናይ ዚተሰብከ ቃለ-ትምህርትን፣
መጸዋዕታ ናይ ጴጥሮስን፡ ያዕቆብን፡ ዮውሓንስን፡ ማቴዎስን፣ ዚተረፉ ሓዋርያትን ከም-ዚተመርጹ ዘረጋግጽን፣ ምስ ፈሪሳውያን ዚተገብረ
ዘተን፣ ንሓዋርያት ከም-ዘስተምሃረን፣ ትኣምራታትን፣ ፍሉይን፡ ኣገዳስን ዘተታቱን፣ ስብከተ-ምሳሌታቱን፣ ብዛዕባ ኣዝማዱን፣
ትኣምራታት ማዕበልን - ናይ ምህዳእን፣ ሕሙማት ምሕዋይን፣ ከም ንጓል ያርዩስ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ምምላሱን፣ ንዓሰርተው-
ክልተ ኣርድእቲ ነቲ መጸኢ ዕዮኦም ኣነጺሩ ምንጋርን፣ ንሓሙሽተው-ሺሕ ዚኾኑ ሰባት ብተኣምራት ኪምግብ ምኽኣሉን፣ ግላዊ
ንስሓን፡ ጸጸትን ናይ ጴጥሮስ፣ መልዕልተ ባሕርያዊ ዚኾነ ግልጸት ከም-ዚተፈጸመሉን፣ ኣብ ዘባ ይሁዳ ዚፈጸሞ ምህሮን፣ ንሰብዓ ዚኾኑ
ላእካን ከም-ዘሰናድኦን፣ ንሕገ-ሙሴ ናብ ግምት ብምእታው ናብ ዘተ ከም-ዘውረደን፣ ምስ ማርታን ማርያምን ንዚነበሮ ምሕዝነት ናብ
ቃልዕ ከም-ዘውጽኤን፣ ንሓዋርያቱ ጸሎተ-ልመና ከም-ዘስተምሃረን፣ ንድሕነት ዚኸውን ምልክታት ንምድላይ ኣብ ዚግበር ትምኒት፡
ንጹር ገለጻ ከም-ዚሃበን....ዚኣመሳስሉ ማእለያ ዘይርከቦም ሓላፍነት ዘሰክሙ ትምህርተ-ተግሳጽ ከም-ዝተለገሰልና ምግንዛብ ከድልየና ኢዩ
ብፍላይ ሎሚ ንላእካንን ንሰማዕታትን ንዚኾኑና ንከም-በዓል ኣቡ-ሓበሻና ንዚኾኑና ቅዱስ ያዕቆብ ዩስጢኖስ ኪንዝክር እንክሎና። ብዛዕባ
ምድራዊ ተልእኮ ናይ መምህርና ኢየሱስ፡ ሓደ-ብሓደ ክንዝርዝሮ እንተ-ፈታተና፣ ዘበት ኣኹቲምናዮ ኢና ኢልና መደምደምታ
ንኽንግብረሉ ተኽእሎ ኣይ-ንረክብን ኢና። እዘን ኣብ ሸመንተው ምዕራፋት ንዝተሓንጸጸ ሓዋርያዊ-ተግባራት ቈንጠር-ቈንጥር ኣቢለ
ብምርቋሕ፡ ኣብ ላዕሊ ከም-ዘስፈርኩዎ፣ እቱይ ገድለ-ምድራዊ-ሕይወት መምህር ክርስቶስ ካብ ምብራቅ ፀሓይ ክሳብ ምዕራባ፣ ሰዓት
ብሰዓቱን፣ ዕለት-ብዕለቱን ብትግሃት፡ ብዕዮ ትሑዝ ኰይኑ ከም-ዘሕለፎ ኢዩ ዝዝንቶ። እቲ ቈልፊ ዚኾነ ናይ ቃለ-ተልእኮኡ ተግባር ከኣ
„ብለውሃንትን፡ ብሓልዮትን“፡ ዚተነድቀ ምንባሩ'ዩ። ኣብ ጊዜ ቍልዕነቱን፡ ንእስነቱን ኣብ'ታ ዚዓበየላ ምድረ-ጻለስጢና፡ ኣብ ቍሸት
ናዝሬት፡ ናይ ሎሚ ታሪኻዊት ዓባይ ከተማ ኰይና እትርከብ፣ ኣብ ዕለታት-ቀዳመ-ቀዳም ንሕገ-ኣቦታቱ ንምእንቲ ከማልእ፣
ብመንፈሳውነት ከኣ ስንቂ ንምእንቲ ኪድልብ ብምባል፣ ኣብ ቤተ-መቅደስ-ኣይሁድ ኣትዩ ሱታፌኡ ከም-ዘርኣየ ኢዩ። እኳ'ውን ድኣ
ንጽሑፈ ሙሴን፡ ንናይ ነብያትን ንዝኣከበ መጽሓፍ ቅዱስ ኣልዒሉ ብምኽፋት'ውን ካብ መጽሓፈ-ትንቢተ ኢሰይያስ ነቢይ (61:2)
ብምንባብ ድምጹ ከስምዕ ከም-ዚተረኽበ'ዩ። ብቃለ-ሉቃስ ወንጌላዊ ከም-ዚተቀነባበረ ከኣ፡ ከም'ዚ ዚስዕብ ኰይኑ ንረኽቦ። „ንድኻታት
ከበሥሮም ስለ ዝቀብኣኒ፡ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎI ንምሩኻት ምምላስ፣ ንዕዉራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት ምውጻእ ሓራ
ከበሥር፣ ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ፡(ሉቃ.4=18-19)“ ይብል። ነዚ ብነቢይ ኢሰይያስ ንዝተተንበየ ቃለ-ትንቢት
ኪመርጸ ምርካቡ ከኣ፣ እቱይ ኣብ'ዛ ምድሪ'ዚኣ ኪፍጽሞ ዚተላእኮ ኵልንትናዊ ተልእኮኡ፣ ንከምኡ ምዃኑ ንምእንቲ ከረጋግጽ ስለ-
ዝደለየ'ዩ ነይሩ። እታ መፈለሚት ተርእዮ ካብ'ቶም ሰማዕቱን፡ ደቂ-ዓዱን፡ ካብ ዚኾኑ ሰባት፣ ናይ ኣንጻርነትን፡ ናይ ዘይ-ተቅባልነትን
ስጉምቲ ዚገጠመቶ ከኣ፦ „እዚ እቲ ወዲ ዮሴፍዶ ኣይ-ኮነን'ዩ፧ ከመይ ኢሉ ድኣ'ዩ ንሱ ንርእሱ „መሲሕ፡ ወዲ እግዚኣብሔር“ ዚገብር
እናበሉ ዚተጻናጸትዎ። ዚደሓሩ ኣርድእቲ ናቱ ዚኾኑ ከም በዓል ኣቦና ያዕቆብ ዩስጢኖስ ንምድረ-ሓበሻና ክረግጹ ኣብ ዚተረኽቡሉ
ዘመን'ውን፦ እዚ ድኣ ናይ'ቶም „ዚቀደሙ ወጻእተኛታት ዜጋታት ዚኾኑ ተዃሉ“፡ እሞ ከኣ ንሕዝብና ካብ ሓቀኛ እምነተ-ኣበው ዘስድዑ
ውሉድ እንድዩ እናበሉ ዝተቀናቀንዎ ሓዋርያ'ዩ ነይሩ። ንመምህሮም ከም-ዚመስሉ ዘምስል ዕጣቅ ከም-ዚተዓጥቁ ቀዳሞት ላእካን ጠባየ
ትዕግስትን፡ ሓልዮትን፡ ብምዕማኾ ከኣ፦ „እወ! ኣነ ኣገልጋሊኹም፡ ሓውኹም፡ ውሉድኩም፡ ኰይነ ቀሪበ ስለ-ዘሎኹ፣ እንተ-ደለኹም
ደመይ ስተዩ፣ እንተ-ደለኹም ከኣ ሥጋይ ከናቲፍኩም ብልዕዎ፣“ እንክብሉ፡ ንዂለልንትናኦም ኣብ ምድረ-ሓበሻን፡ ንሕዝበ-ሓበሻን፡ ከም-
ዝተመጽወተ ከበስሩ ተረኺቡ። ናይ ሎሚ ውሉደ-ሓበሻን፡ ውሉደ ክርስትናን፡ ውሉደ-እግዚኣብሔርን ዚኾና ለባውያን ፍጥረት፡
ኪንግንዘቦ ዘድልየና ኩነትን፡ ኣፍልጠን እንተ-ሃለወና እንብኣር! እዚይ ናይ ኣቦና ያዕቆብ ዩስጢኖስ መልእኽተ-ሓደራ ኢዩ። „ኣየ!፡ እዞም
ኣቦናን ናይ'ቲ ጊዜ'ቲ ኣርድእቶምን ዚነበሩ በዓል ብፁዕ ገብረሚካኤልን፣ እታ ኦርቶዶክሳዊት ኣደና ዚኾነት ወለተ-ጴጥሮስ በዓልቲ
ገዳም ጣና-ሓይቅ ባህር-ዳርን (ኣብ ሃገረ-ኢትዮጵያ)፣ ኣብ ኢድ መለኽቲ ብምውዳቅ ንባርነት ዚተጋለጸት ሱዳናዊት፡ ናይ ዘመና
„ቅድስቲ በኪታ“ ዚተባህለትን፡ ካልኦትን መንፈሳውያን ተቃለስትን፡ ሠረትን፡ ናይ ቤተክርስትያናትናን፡ ኣድባራትናን ዚነበሩ
በብዘርናዮም ተቀላቂሎም፡- እንታይ'ዩ ዘድልየኩም ዘሎ ንምእንቲ ኪብሉና ባይቶ እንተ-ዚኸፍቱልና?፧ ክንደይ ጽቡቅ ምኾነ-ነበረ።
ሰብኣዊ ባሕርየ ተፈጥሮ ዚኾነ ምድራዊ መዋዕል፡ ሓላፊይ፣ ታሪኽ ከኣ ንወትሩ ተተራኻይ ብምዃኑ፣ እቲ ዕለታዊ ማሕበራዊ-ተግባርና
ካብ'ቲ መምህር ክርስቶስ ዚተለመልና ትልሚ ንየማነ-ጸጋም ሸተት ኪብል እንተ-ተረኺቡ፣ ወትሩ ዘይ-ቀስነ ሕልናን፡ ኣሻኾ ዘርእን
ብምዝራእ፡ ንባይታና ጠሊ ዚጐደሎ መሬትን፡ ኣእሻኾ ዚተነስንሰሉ ደረቅ ዚኾነ ምድረ-ብዳን፡ ኣግቢርዎ ስለ-ዘትርፍI እታ ቃለ-
ሓዋርያነት ናይ ክርስቶስ ዚኾነት፦ „ሓልዮት“ እትብል ጠባይ ከነዘውትራን፡ ክንለብሳን፡ ከም-ዚግብኣና ሸለል ዘይምባል። ንእኩይ
ተግባር፡ ከም ናይ ወንን፡ ሸውሃትን፡ መለዓዓሊ ብምሕሳብ ዘተግብሩ ውሉድ ንምእንቲ ኪመሃሩ ተባሂሉ፣ እቱይ ደም ሰማዕታትን፡ ደም
ንጹሓትን፡ ውሒጡዎም ተሪፉ እና-ተባህለ ንዘመን ኣዝማናት ዝተዘርበ ቃለ-ግሰጻ፣ ሸለል እንተ-ተባሂሉሉ፣ እና-ፈለጥካ ኣብ ጌጋ
ንምውዳቅ ዕድል እንተ-ሃብካ፣ ንዝጋገዩ ውሉድ ከኣ ንምእንቲ ኪቌራቌሱ ዘበራትዕ ጌጋ-ግብሪ እንተ-ኣልበስካ፣ ሎሚ ብሕልና፡ ንጽባሕ
ከኣ ብመንፈሳውን፡ ብማሕበራውን ታሪኽ፡ መሕተቲ ኰይኑ ኪርከብ ስለ-ዚኽእል፡ ኪንልብመሉ ከድልየና ኢዩ ኣብ'ዚ ህልው ዘመናዊ
ኣከያይዳና። ብሰፊሑ፦ ከባቢና ሓደ ቤት-ትምህርቲ'ዩ። ኣብ'ቲ ትምህርቲ-ቤት እቲ ከኣ ሓደ ንእንኮኡ ዚኾነ ሓቀኛ መምህር ኣሎ።
ንሱ ከኣ „ኢየሱስ“ ምዃኑ'ዩ። ዝቀደሙ ኣርድእቱ ንትምህርቱ ካብኡ ቀሲሞም ኣብ ዚብጻሕ ኵርንዓት ከም-ዚዘርእዎ፣ ንሕና'ውን ከም
ናይ ሎሚ ኣርድእቲ ነቲ „ቃለ-ሓልዮቱን“፡ „ቃለ-ፍትሓዊነቱን“፡ „ቃለ-ሰላሙን“፡ ናብ ኵሉ ሸንሽጉና ንኽንሰኳኽዮ ንትጋህ። መማልድነት
በረከተ ቅዱሳን ሓበሻና ከም-ዘይጋደፈና ከኣ ርግጽነት ክንረክብ ኢና። ኣሜን። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ፡



ብገርሃይኛ ኣዘራርባ ዝቀርብ ትምህርቲ
ለቡ/NB)፡ ሓበረታ ዚደሊ፡ ንኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ ክሓትት ይኽእል
Mühlrain 51, 70180-Stuttgart; Tel.0711-6494647, Fax-6491143

## ነንብብ ክንዕንብብ-ቍ/102/2019

## „Osternacht ist Mutter aller Vigilien“ (St. Augustinus)

ኣብ ሓደ-ኣምላኽ ኣመንቲ ናይ ዚኾኑ ደቂ-ሰባት ሕይወት፣ ብዝለዓለ ደረጃ-ግን፡ ናህና ናይ ውሉደ-ክርስትና ጉዕዞ ሕይወተ-እምነት፣ „ተስፋ ዚመልእ፡ ብርሃን ዚበርሆ፡ ንሓይሊ-ሞት እተሸንፈሉ፡ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝንጸባረቀሉ ጐደና ኢዩ። ዓመት-ብዓመቱ እንትዝክሮን፡ እነኽብሮን፡ ዘሎና ዘመን ናይ ትንሣኤ፡ ነዚን ዚተጠቕሳ ቅጽላተ-ጠባያት ዚኾና ነጥብታት እነሓድሰሉ ክርስታያናዊ ዕድል ኢዩ። እቲ ሰብኣዊ-ድኻምና፡ መጨረሻ ዘይርከቦ ናይ ባህርይና ኣካል ብምዃኑ፣ እሞ ከኣ እዚ ናይ ሕድሳት ዕድል ብምዝንጋዕና ዘምለጠልና ውሉድ፡ ውሑዳት ኪንከውን ስለ-ዘይንኽእል፣ ከም'ዚ በዚ ህልው ዘመና እንትዝክሮ ተዝካረ-ዝኽሪ፡ መገንዘቢ ማዕዳ ንኽንድርቢ ከፉት ባይታ ይኾነና። ትንሣኤ ክርስቶስ፡ ቅድሚ ኣብ ዝሓለፈ ብዙሕ-ኣዝማናት ኣቢሉ፡ ንሓደ-ጊዜን፡ ንመጨረሻን፡ ከም-ዚተፈጸመ ብዓይኒ-ሃይማኖትና እንምስክሮ ኢዩ። ኣዝማናት ዓመታት ኣሕሊፉ'ውን፡ ብታሪኽ ጥራሕ ከም-እንትርኾ፡ ኣብ ማሕደር-መዛግብ ቤተ-መዘክር ተመዝጊቡ፣ ዝሞተ ጥራሕ ብምዃን፡ ከም ናይ ሰብ እንቆቅልሽ ዝዝንቶ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፦ ሕይወት ዘሎዎን፡ ንሕይወት ዘይብሉ ከኣ ሕይወት ዚህብን፡ ሕያው ዚኾነ ሓቀኛ ታሪኽ ኰይኑ ንክነብር ብቕዓት ዚረኸበ ታሪክ-ፍጻሜ ኢዩ። ከም'ቲ ቃለ-መዘምር ዳዊት፡ „ጐይታ ሰራዊት ዚኾነ እግዚኣብሔር ይመስገን እናበለ ዚውድሶ ዚነበረ፣ ናይ ዘመነ-ድሕነት ውሉድ ዚኾና ንሕና'ውን ከምኡ ኢልና እነመስግኖ ኣምላኽና ስለ-ዚኾነና፦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓደ-ጊዜ ሞይቱ፡ ንሞት ኣሸኒፉ ብምትንሳኡ፣ ኣባና ኣብ ሕይወት ክርስትያን፡ ዕለት-ብዕለቱ፡ ደጋጊሙ ናይ ትንሣኤኡ ኩነት ኪፈጽሞ ከም-ዚርከብ ብምልኣት-ልቢ ምግንዛብ ከድልየና ኢዩ። ምኽንያቱ፦ ግንዛቤ ንዘድልዮ ትምህርቲ ከይፈለጥካዮ መዋዕልካ ብኽንቱ እንተ-ኣሕለፍካ፣ መንፈሳዊ መኽሰብ ጉዲሉልካ ማለት'ዩ። ስለ'ዚ፦ እውነት-ብእውነቱ፡ ኣብ ኩነት ሕይወት ደቂ-ሰባት፡ „ሰብኣዊ-ሞት“ ናይ ሓጢኣት ምልክት ኢዩ። „ትንሣኤ-ክርስቶስ“ ከኣ ብኣንጻሩ፦ ናይ ዓወት፡ ናይ ብርሃን፡ ናይ ተስፋ፡ ምልክት ኢዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ'ዩ እታ ምድራዊት-እኖ ብምዃን፡ ኑቲ መሪሕን መምህራን ንዚኾነ ትምህርቲ መድሓኒ-ክርስቶስ፡ ናብ ቅድመ-ግንባር ብምስራዕ፣ ኑቲ ኣብ ማእከል ማሕበረ ደቂ-ሰባት ንዘሰላስሎ ተልእኮኡ፡ ብታሪክ-ትንሣኤ ከድምድሞ ዚተረኽቦ ብምባል ከተስተምህረና እትርከቦ። ምስክርነት ዘኹተለ ጭብጥነት ክርቋሕ እንተ-ተደልየ'ውን፡ ማእለያ ዘይርከቦ ኣብነታት ክጥቀስ ይከኣል። በዚ መሠረት'ዚ፦ ብዙሓት መራሕቲ፡ ኣብ ጐደና መንፈስን፡ ናይ ሃያማኖትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገሊኡ ዓለማዊ ጐደናን ኪመርሑ ሥልጣን ዚረኸቡ ሰብ-መዚ፣ ከም-ውርሻ ኣብ ዚገደፉልና፡ መንፈሳውን፡ ማሕበራውን፡ ናይ ምዕዶ ጽሑፋቶምን፡ መልእኽቶምን፣ ንናይ ክርስቶስ ኩነተ-ትንሣኤ፣ ናይ ክርስትናናን፡ ናይ እምነትናን፡ መሠረት ገይሮምዎ፡ ወትሩ ኣብ'ቲ ዕለታዊ ናብራኦም ኪሳሰዩሉ ተረኺቦም ኢያቶም፤ ገና'ውን ይርከቡ ኣለዉ። ካብ'ዚኣቶም ኣብ ቅድመ-ግንባር ኣሰሊፍና ኣድናቆት እንህቦ ሓዋርያ ከኣ፡ ብዓለማውን ብመንፈሳውን ጥበብ ሊሒቕ ዚኾነ ቅዱስ ጳውሎስ ሮማዊ፡ ተወላድ በዓል ጠርሴስ ኰይኑ ምርካቡ'ዩ። ንሱ ጽኑዕን፡ ብጸጋ ዝተሸለመን ብምንባሩ፣ ንናይ'ቲ ጊዜ'ቲ እሙናት ኣርድእቱ ንናይ ዚነበሩን፡ ክሳብ ኣባና ኣብ ናይ ሎሚ ደቁን ንዘመሓላለፎ ሕያው ዚኾነ መንፈሳዊ-ትምህርቲ ኪጥቀስ ይከኣል። እዚ ከኣ፦ „ክርስቶስ ብሓቂ ካብ ሙዉታን ዘይ-ተንስኤ እንተ-ዚኸውን፡ እምነትና ከንቱ ምኾነ ነበረ“፤ ዚብል ኰይኑ፦ ንኣና ንናይ ነፍስወከፍና ሕልናና ዚትንክፍ ኰይኑልና ይርከብ። እዚ ትንሣኤ ክርስቶስ እንበሎ ዘሎና ታሪኻዊ ውርሻ'ዚ ከኣ፡ ንዘመን-ኣዝማናት፡ እኳ'ውን ድኣ፡ ክሳብ ሎም-ዕለት፡ መሠረትና ኰይኑ ስለ-ዚተረኽበ፦ እቱይ እምነተ-ክርስትናና፣ ከይተነቓነቐ፡ ጽንዓቱ እና-ዘየደ ኪዕንብብን፡ ኪምርሽን ዚርከቦ ዘሎ። ኣብ ክፍለ-ዓለማትና ጫሕጨሖ ዚርከብ ኵሉ መበቀል ባህሊ ማሕበረ-ሰባት፣ ዝተፈላለየ ሰረውር ከም-ዘሎዎ፣ ባህሊ መንፈስ-ክርስትና ከኣ ተመሳሳሊ ዚኾነ ውርርስ ብምጭባጡ፣ ምስ ትንሣኤ-ክርስቶስ ዝተኣሳሰረ ኣገባባትን፡ ገለጻን ኣሎዎ...። ብዚኾነ ግን፦ መሠረት ናትና፡ ናይ'ዞም ኣብ ናይ ዘመነ-ድሕነት ባይታ ጠንቀላዕላዕ እንብል ውሉድ፣ ካብ ቃለ-ትምህርተ-ወንጌልን፡ ብሥራተ-ትንሣኤን ክንመሃሮ ዘድልየና „ዓቢይ ህያብ“ ኣሎና እንተ-በልና፣ መኾርዒና ድኣ'በር መሕሰሪና ከም-ዘይኮነ ርጉጽ ኢዩ። እዚ ህያብ'ዚ ከኣ፡ „እምነት“ ዝብል ቃለ-ብሂልን፡ ቃለ-ተግባርን'ዩ። ክቡር ኣካል ዚኾነ ሰብኣዊ ጉምጃ-ወርቂ ተባሂሉ ኪስመው'ን ዚከኣል „ኣእምሮ ደቂ-ሰባት“፡ ኑቲ ኩነተ-መንፈሱ ከም-ዝተበርሆን፡ ከም-ትምኒቱን፡ ገይሩ ኪርድኦን፡ ኪጭብጦን ስለ-ዘይክእል፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ኩነተ-እምነተ-ክርስትናና፡ ብዝተፈላለየ ኵርንዓት ኣብ ጥርጣሬ እንወድቀሉን፡ ላንጋ-ለንጋ ዚኾነ ስምዒት እነሕድረሉን ዕለታትና ውሑድ ኰይኑና ኣይርከብን ኢዩ። እኳ'ውን ድኣ፡ ልክዕ ከም'ቲ ናይ ኩነተ ቶማስ-ሓዋርያ፡ ዚመሳሰል ማለት'ዩ። ትጽቢትና፦ ብምድህሳስ፡ ብምዝራብ፡ ብምስማዕ፡ ብምርኣይ...ኮታስ ምስ ሕዋሳትና ዝተኣሳሰረ ጭብጥነት ንክንረክብ ትጽቢት ንገብር። ነዚ ጥበብ'ዚ ብምኽታልን፡ ልቦናና ድሕሪ ምዕባይን ከኣ'ዩ፣ „እምነት“፡ እንክብከቤ ዘድልዮ መንፈሳዊ ሃብቲ'ዩ እንብሎ። ብኽመይ፦ ሓሊመን፡ ዓቢደን፡ ተለዊጠን፡ ራእይ-ርእየን እንዳበልካ ናብ ሚዛን ከተውርዶ ዚግባእ ጥረ-ነገር ስለ-ዘይኮነ። „ኩነተ-እምነት“፡ ብግቡእ ርእስኻ ኣድኒንካ፡ ንሕልናኻ እና-ሰማዕካ፡ ጥበብ እናቀሰምካ፡ ንምድራዊት ዓለም-ለኻዊት-እኖ ንዚኾነት ቤተክርስትያን እና-ተኣዘዝካን፡ እና-ኣፍቀርካን፡ ክትነብረሉ ዘሎካ ሕይወት ኢዩ። ብበረከተ-ትንሣኤኡ እንሽለም ይግበረልና። ኣሜን። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosleph Beyed Awod.

ብገርሃይኛ ኣዘራርባ ዝቀርብ ትምህርቲ

**ለቡ/NB)፡** ሓበረታ ዚደሊ፡ ንኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ ክሓትት ይኽእል
Mühlrain 51, 70180-Stuttgart; Tel.0711-6494647, Fax-6491143

(ንገብብ ክንዕንብብ/Nr.101/2019)

## „ኣይትፍረዱ ከይ-ፍረደኩም“

ምጻም ንዚብሃል ኩነት ኣብ ናይ ተግባረ-ልምምድ ባይታ ከተውርዶ ምስ-ተረኽብካ፣ ዕለታት ናይ ንስሓን፡ ናይ ጸሎትን ኢዩ ኪበሃል ንዚከኣል ጭቡጥ-ዘመን፡ ድሮ ኣብ ምጅማርና ኢና ዘሎና ንክበሃል፡ ዕድሉ ወትሩ ክፉት ኰይኑ ንዝተረኽበ ህያብ የረጋግጸልና። ኣብ'ዚ ተሊምናዮ ዘሎና ሓዲስ-ዓመት ናይ 2019 ዓመተ-ምሕረት፣ ቅድሚ ገለ መዓልታት ኣቢሉ (ማለት፡ ብዕለት 18 ለካቲት) „ጾመ-ነነዌ“ ብምባል፣ ንናይ ንስሓ ዕለታት ናይ ዝቀደሙ ዘርኢ መተለሚ እምነትና ናይ ዚኾኑ ሕዝበ „ነነዌ“ ዝኽሪ ኣሰላሲልና ነበርና። ብልማድ እውን እኳ እንተ-ኾነ ብዘይ-ኣገድስ፣ ናብ ጽቡቅ ጐደና ዚመርሕ ዕለታተ-ዝኽሪ ምኻኑ ስለ-ዘይ-ኣማትእ፡ ኣጸጋሚ ዚኾነ ምንም ሰኽሚ ኣይገድፈልናን ኢዩ። ብዝያዳ'ውን'ኳ ልባዊ ሸውሃት ዘበራብር ፍጻሜ ምኻኑ ተመስኪሩሉስ፡ ንዓያዩነት ንምጕያይ ዘተባብዕ ትምህርቲ ኰይኑ ምርካቡ ኢዩ። ናይ ብሉይ-ኪዳን መንፈሳዊ መርሖ ብምኻኑ ከኣ፣ እቲ ኣብ ኩነት ሰብ-ነነዌ ዝተራእየ ስጋዊ-ሰኽምን፡ መንፈሳዊ-ለውጥን፣ ድሕሪኡም ንዝተቀላቀሉ ኣሕዛብን፡ ንኣና ንናይ ሎሚ፣ እኳ'ውን ድኣ ናይ ዘመነ-ድሕነት ውሉድ ንኽንከውን ባይታ ንዝተጠጥሓልና ንዘበልና፣ ግሩም ዚኾነ፡ ንሰብኣዊነትና ስንቂ ዘስንቅ፡ ምድራዊ ሃብቲ ከም-ዘደለበልና ኢዩ። ኣሕዛብ ቀኖት ሰብ - „ነነዌ“ ነቲ ንሳቶም ኪኾነዖ ንዝግባእ መንገዲ ስሒቶም፣ ኣፍራስን፡ ኣዕናውን፡ ዚኾነ ጠባያተ-ተግባር ኪፍጽሙ ኣብ ዚተረኽቡሉ ዘመን፣ ኣይፋልኩምን፡ ተነስሑ እናበለ ዚግስጽ ነቢይ (ከም ኣቦና ሰባኻይ ዮናስ፡ ማለት'ዩ) ኣብ ዝተላእከሎም እዋን፣ እዝኒ ብምሃብ፡ ንሕልናኦም ኪኸፍቱ፣ ንዘጌጸ ግዳማዊ ልባሶም ብምድርባይ ከኣ፡ ጠይቂ ለቢሶም፡ ሓሙኹሽቲ ኪንስነሱ ስለ-ዝተረኽቡ፣ ኣምላኽ ተሓጕሱሎም፡ ካብ ብዝሓ መከራስ፡ ምሕረት ከም-ዝተለገሰሎም ብሂለ-ታሪኽም ዘመስከረልና ኢዩ። እዚ ሓዲስ-ዘመን ኣብ ዘዝመጸሉ፡ ከም-መንፈሳዊ መርሖና ኣቢልና እነሰላስሎ ዕለታት ኣጽዋማት ከኣ፡ ናይ ከምኡ (ማለት፦ ከም ናይ ሰብ-ነነዌ) ልባስ ዘሎዎ ብምኻኑ፣ እነሆ እቶም ቅሩባት ኢና በሃልቲ ዚኾና ውሉድ፡ ኣራእስና ኣድኒና፣ ኩነታት ደረጃ-ቅድስናና ንኽንግምግም፡ ናይ'ቲ ዕለታዊ-ኣከያይዳ-ሕይወትና ባብ ንዚኾነ ልባትና ንኽንከፍት ንዕደም ኣሎና። ደቂ-ሰባት፡ ለባውያን ከም-ምኻናም መጠን፣ ኣብ'ቲ ተተኸታቲሉ ኣብ ዚመጸ ኣዝማናት፣ ማለት፦ (ኣብ ምሕረት ዘይትኣወጀሉ ዚነበረ ዘመነ ዓለምን፣ ምሕረት ኣብ ዝተኣወጀሉ ዚተተለመን፡ ገና'ውን ኪትለም ኣብ ዚነብር ዘሎ „ናይ ምሕረት ዘመነ-ዓለምን“፣ እቲ ዚገሃድ ኣከያይዳ ደቂ-ሰባት፡ ዝተፈላለየ ገጽታ እናሓዘ ካብ ሓደ-ንሓደን፡ ምስ ሓደን፡ እናተቋረነ፣ ሰንሰለታዊ መስመር ኰይኑ ከም-ዚመሓላለፍ ብማንም ለባዊ-ፍጡር ዚንጸግ ሓቅነት ኣይኮነን። እዚ ማለት ከኣ፦ ዘዘመኑ ነናቱ ምዕባሌን፣ ኣከያይዳን፣ ቅጥዕን፣.... እናዘርግሐ፡ ሰላማውን፡ ሓድነታውን፡ ዚኾነ ባይታ ብምፍጣር፣ ብስጋውን፡ ብመንፈሳውን፡ መዳይ ምስ ሓድሕድ ኪሻረኽ ኪነብር ይርኤ። ካብ'ዚ ጭቡጥ ዚኾነ ሓቅነት ክንሃድምን፣ ኣሉታዊ መልሲ ንክንህብን ከይንርከብ ከኣ፡ እዚ ሎሚ ከነዳምጾ ዚጸናሕና „እውነተኛ-ቃል መምህርና-ክርስቶስ“፦ ብዘየማትእ መንገዲ፡ ኣብ ልቢ ነፍስ-ወከፍና ክሰኻኹዓልና ዚርከቦ ትምህርቲ ምኻኑ ኢዩ። ምስ ጥበበ ኣረጊት ዘመንን፣ ምስ ጥበበ ሓዲስ ዘመንን፣ ምስ ድሒሩ ኪመጽእ ምስ ዘሎዎ ብሉጽ ጥበብን፣ ብልዑላዊነቱ ዚኣክል ምስ ዘዘመኑ፡ ተገጣጣማይ እናኾነ ዚኸይድ „ሓቀኛ ቃለ-ድሕነት ዚኾነ፡ ትምህርቲ ናይ ክርስቶስ“፣ ናብ ምንሻውን፡ ናብ ምጥርጣርን እንድርብዮ ሰብኣዊ-ርስቲ ከም-ዘይምኻኑ፡ ብንጹር ኪንግንዘቦ ዘድልየና ርካብና ምኻኑ ዘይምዝንጋዕ። ብሓቂ፦ እቲይ ኩነት ጐደና ክርስትናና፡ ከምኡ ብዘይ-ምኻኑ ከኣ'ዩ እታ ምድራዊ-ሓላፍነት ዝተሰከመት እኖና ዓለም-ለኻዊት ቅድስቲ ቤተክርስትያን ክርስቶስ፣ ምስ'ቲ ዘሎና ጥበብን፡ ኣከያይዳን፡ ተሳንዩ ከቀድሰና ንዚኽእል ጐደና፡ ከም'ዚ ዚኣመሰለ ቅጥዒ ዘሎዎ'ዩ ብምባል፣ መዕበይ መንፈሳውነትና ንዚኾነና ዕለታት ናይ ጾም ብኣግባቡ ሰሪዓን፡ ገለጻ ሂባን፣ ተሳሰዩሉ ክትብለና እትርከብ ዘላ። እንብኣር ንኻልእ ኣጽዋማትን፡ ንጾመ-ዓርብዓን፡ እታ ዓለም-ለኻዊት ቤተ-ክርስትያን ክርስቶስና፣ ከመይ ዚኣመሰለ ገለጻ'ያ እትህቦ ኢልና ንክንሓትት'ውን ግቡእ'ዩ።?። ከም'ቲ ነፍስ-ወከፍ ሓላፍ መንገዲ፣ ኣነ ፈላጥ ኢየ በሃላይን፣ ከምኡ'ውን ሓደ በሃም ዚኾነን፣ ለባውያን-ፍጡራት፡ ብዘይ-ኣፍልጦን፡ ክፍኣትን ዚግዕርዎ ዘይኮነ፦ ብሓቂ „ሞትን ትንሣኤን ናይ ክርስቶስ ንምብዓል ዘቀራርብ ዕለታት ኢዩ፣ ተባሂሉ'ዩ እውነተኛ ትንተና ኪወሃበና ዚርከብ። ዝዘየደ ትምህርተ-መለኰታዊ ዕምቈት ብዘሎዎ ገለጻ ኪትንተን እንክሎ ከኣ፦ ንኹሎም ምእመናን፡ ምሥጢረ-ትንሣኤ ከመይ ከም-ምኻኑ፡ ንዝክረ-ጥምቀት ናብ ግምት ብምእታው፣ ዕለተ-ዕለት ናብ ንስሓ ዝመርሓና፡ እሞ ከኣ፡ ብተግባር ዚግለጽ ትምህርቲ ኢዩ ተባሂሉ ይቀርብ። ብፍላይ ኣብ'ቲ መምርሒ ናይ ሥርዓት-ኣምልኾ ዘካተተ ጽሑፋተ-ዓናቅጽ እንተ-ተመልከትና ከኣ፦ ካብ ዅለን እተን በዓላት ናይ ኢየሱስን፡ ዓበይቲ በዓላት ካብ ዝበሃላን፣ እተን ሰናብቲ ናይ ጾመ-ዓርብዓ፡ ቅድሚያ ዘለወን ኰይነን ይርከባ ተባሂለን ደረጃኣን ተነጺሩ ይርከብ። ነዚ ዓሚቕ ትርጉም ንዘለዎ ትምህርቲ መሠረት ብምግባር ከኣ፦ ኣብ ጊዜ ጾመ-ዓርብዓ ዝርከባ መዓልታት ናይ ሰሙናት፣ ካብ ናይ ዝኽረ ቅዱሳን ምብዓል ልጓም ይግበረለን። ማለት፦ ብንጹር መምርሒ፣ እተን ዓርብዓ መዓልታት፡ ናብ „ትንሣኤ“ ጥራሕ ዘተኰራ ኰይነን ይቀርባ። ሕሉፍ-ሓሊፍ'ውን፡ ኣብ'ቲ መዓልታዊ፡ ብብሕትን፡ ብሓባርን ንዝሰላሰል ጸሎተ-ምህለላ፡ ናይ „ዘነግህ...ናይ ዘሰርክ...ናይ በዓላት ዝኽሪ ተባሂሉ ንዚግበር፣ ካብ'ቲ ልማዳዊ ዚኾነ ኣጸላልያ ፍልይ ዚበለ ገጽታ ተዋሂቡዎ ኪትግበር ይርከብ። ከም-ኣብነት፦ ሃሌ-ሉያ ዚብል ቃለ-ምስጋና ዘሎዎ ጸሎት ኣይሕወሰሉን። ኣብ ዝተፈላለየ ባህልን፡ ልምድን፡ ሓቍፋ ኣብ እትኸይድ ዓለም-ለኻዊት ማሕበረ-ክርስቶስ፡ ዳርጋ ክሳብ ሌሊተ-ትንሣኤ፡ እዛ ሃሌ-ሉያ እትብል ቃል፡ ካብ ሰዓታተ-ጸሎትን (ወይ'ውን፡መዝሙረ-ዳዊት)፣ ኣብ ናይ ቅዳሴን ጸሎታት፡ ክትዝውተር ኣይትርከብን። ካብ ብዙሕ ብውሑዱ፡ ኣብ ዓለም-ለኻዊት ቤተክርስትያን ክርስቶስ እንብኣር፦ ዚተፈላለየ ባህልን፡ ልምድን፡ ተወራሪሱ ዚመጸ ብምህላዉ፣ ብፍላይ ኣብ'ታ ላቲናዊት ስርዓተ-ኣምልኾ ኣብ እተካይድ ምዕራባዊት ቤተ-ክርስትያን፡ እዚ ኣከያይዳ'ዚ ጕሊሑ

ይርኤ። ናይ ቀዳስያን ኣልባሳት ሕብሪ'ውን ትምህርተ-መለኮታዊ ገለጻ ብዝተዋህቦ ዘመናዊ-ትምህርቲ ተሰንዩ ፍሉይ ቀለሙ ተወሲኑ ኪዝውተር ይርከብ። ኣብ ናይ ምሥራቃዊት ክፍሊ ቤተ-ክርስትያና ግን እቱይ ናይ ኣዘያይማ-ቃና ካብ „ዕዝሊ“ ናብ „ግዕዝ“ ምልዋጥ እንተ-ዘይኰይኑ ካብ'ቲ ጸሎታት ዚተርፍ ኣይርከብን። እኳ'ውን ድኣ ዚትክእ፡ ወይ ዚውሰኽ እንተ-ዘይኰይኑ። ንኣብነት፡ ካብ ድሕሪ ዕለተ-ሆሣዕና፦ ኣገልጋሊ ድያቆን፡ „ንጸሎት ተንሥኡ“ ኢሉ ምስ ኣወጀ፡ ሕዝቢ „ኦ-ጐይታና ምሓረና“ ኣብ ክንዲ-ምባል፣ ብኻልእ ቃል „ኣቡነ ዘበሰማያት“ ኢሎም ይምልሱ። ከምኡ ዚኣመሳሰሉ ንኣሽቱ-ንኣሽቱ ድስፐሊናዊ ለውጥታት ይርከቡ ኢያቶም። ንሳቶም ግን ንዕብየት መንፈሳዊ-ሕይወትና ዘበራብሩ ድኣ'በር፡ ዚዓናቕጹ ለውጥታት ኣይኮኑን። ካብ'ቲ ብዙሕ ብውሑዱ ሓደ-ክልተ-ሰለስትው ነጥብታት ከም ዝያዳ መገንዘቢ ንምእንቲ ኪኸውን ብሓጺሩ እንተ-ኣስፈርኩ እንብኣር፦ ኣብ'ዚ ዘመነ-ጾም ኣብ እንብሎ እዋን፡ ኣብ ኹለን ሥርዓታት ናይ ምስራቅን፡ ናይ ምዕራብን ቤተ-ክርስትያን፣ ናይ ደስ-ደስ ዘኽተለ በዓል-ቅዳሴ ንክይ-ግበር ብሕገ-ቆኖና ክልኩል ኢዩ። ንሙታን ዘሰኒ ስርዓት ናይ ቅዳሴ ግን ፍቁድ ኰይኑ ይርከብ። ንሙዉት ኣብ ናይ መወዳእታ ቤቱ ዚኸነት መቃብር ብጸሎተ-ፍትሓት ናይ ምስናይ ኩነት'ውን ኣብ ኹለን መዓልታት ፍቁድ'ዩ፣ ብጀካ ኣብ'ተን ናይ ጾም-ሰናብትን፡ ኣብ ዕለተ ጸሎተ-ሓሙስን-ግን ክልኩል'ዩ። ኣብ ዕለተ-ዓርቢ-ስቅለትን፡ ዕለተ-ቀዳም-ስዑርን እውን መርዓ (ቅዱስ-ተክሊል) ብጥብቂ ክልኩል ኢዩ። ዕለታት ጾም፦ ናይ ንስሓን፡ ጸጸትን፡ ዕለታት ምዃኑ መግለጺ ዚኾኑዎ ቡዙሓት ግዳማውያን ምልክታት ከም-ዘሎዉዎ ድሮ ኣቀድም ኣቢለ ከተንብሆ ከም-ዝጸናሕኩ፡ ካብ ማንም ንምእንቲ ድሕነት-ነፍሱን፡ ንምእንቲ ናይ ካልኦትን ቢሉ ካብ ዝተዓጥቀ-ውሉድ ሕቡዕ ኣይኮነን። ከም ዝቀለለ-ኣብነት ከኣ፡ እዚ ዚስዕብ ኪጥቀስ ዚከኣል፦ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ክርስትያናት ዚዚውተር ንኣሽቱ-ንኣሽቱ ዚኣመሰሉ ድስፐሊናዊ፡ ኣገባባት፡....(ከም:-ሙዚቃ---ከበሮ----ዕልልታ----ጣቅዒት-----ሳዕስዒት---። ከምኡ'ውን ቤተክርስትያንን፡ መንበረ-ታቦትን ምሽላም...ዝኣመሳሰሉ ወቦ-ዘእንተ...)። ካብ ኩሉ እቱይ ዝዓበየ መርሖ ኰይኑ ናብ ልምምድ ኪወርድ ዘሎዎ ሓላፍነት ናይ'ዚ ቅዱስ ዕለታት'ዚ መልእኽቲ፦ እቶም ምሉእ-ምልኣትን፡ ሓድነታዊ-ስምረትን፡ ምስ ቤተክርስትያኖም ኪረኽቡ ማዕጾ-ድሕነት ዚተኸፍተሎም ዘበሉ ውሉድ፣ ነዚ ዕድል'ዚ ዚህብ፦ እቱይ ንምእንቲ ድሕነት ደቂ-ኣዳም ቢሉ ቤዛ ናይ ምዃኑ ኩነት፡ እሞ ከኣ ህያብ ዕለታዊ-መግቢ ኰይኑ ብቅዱስ ምሥጢረ-ቍርባን ኪግለጸልና ንዚርከብ ሓቀኛ ህልውና መድሓኒና ክርስቶስን፡ ንቤተክርስትያኑን፣ ኣፍልጦ ንምሃብ፡ ብቅዓትካ ከተረጋግጽ ምርካብ፣ ኣገዳሲ ነጥቢ ኰይኑ ዝርከብ ሓላፍነት ምዃኑ ምግንዛብ ኢዩ። ንከም'ዚ ዚኣመሰለ ሓላፍነት ከኣ ንሕና እዞም ናይ ሎሚ ተዋነይቲ ብምዃን፡ ክንሰምዕን፡ ክነንብብን፡ እንርከብ ውሉድ፣ ብእውነተኛ-ተግባር ክነመስክሮ ከም-ዚግብኣና፡ ድሮ ናይ'ቲ ናይ ቀደም-ቀደም ኣቦ-ሓጕና ዚኾነ ወንጌላዊ ሉቃስ፡ ነቲ መምህሩ ንዘመሓላለፈሉ ትምህርቲ፣ ናብ ናይ ሎሚ ደቂ-ደቁ ናብ ዚኾና ብምትሕልላፍ ከስተምህረና ዚጸንሖ ትምህርቲ ሰሚዕናዮስ „እወንታዊ መልሲ“ ክንህበሉ እንተ-ተረኺብና ጥራሕ'ዩ ፍሬ ዝርከቦ። ኣብ እንዛረቦን፡ እንጽሕፎን ትምህርታዊ መልእኽቲ፦ ነቲ ታሪኻዊ ምዕባሌ፣ ታሪኻዊ ድስፐሊን፣ ታሪኻዊ እንታይነት፣ ህልው ኩነት፣ ምስ ሓድሕድ ከነተኣሳስሮ እንርከቦ ምኽንያት፦ ሰብኣውያን ስለ-ዚኾና፣ ማሕበራዊ ዚኾነ መንፈሳዊ ቅጥዒ ስለ-ዘድልየና፣ ሰላማዊነትናን፡ መንፈሳዊነትናን፡ ብስሩዕ ጕደና፡ ነቲ ዚበርህ መብራህቱ፡ ንደገ ክንጸባርቅ ስለ-ዚግብኣ፣ ጥበብ-ብዝመልኦ፡ መንፈሳውነት-ብዝተኸድነ ኣገባብ፣ ንምእንቲ ኪእወጅ ሓላፍነትና'ዩ ኢልና ስለ-እንኣምን ኢዩ'ሞ፣ ነፍስ-ወከፍ ውሉድ፡ ብቀዳምነት ንናይ ገዛእ-ርእሱ ድሕነት ከረጋግጽ ኪኽእል ከም-ዚግብኦ ዘይምዝንጋዕ፣ ቀጺሉ ከዓ ነፍስወከፍ ውሉድ፡ ንዕብየት ቤተክርስትያኑን፡ ንብልጽግና ማሕበረ-ሰቡን ከቛምት ከም-ዘሎዎ፡ በቲ ዝህቦ „ቃል“ ከመስክር ከምዝግብኦ ምፍላጥ ኢዩ። ሓናጺ ካብ ዚኾነ ተግባር ወጻኢ ኰይኑ ኪምርሽ ዚርከብ ምንቅስቓስ ኩሉ፣ ናይ ዓጀው-ጀው ባይታ ዘጠጥሖ ብምዃኑ፡ ፋይዳ ስለ-ዘይብሉ፣ ደጊም ንስኻ ኣይናተይን ኢኻ ዚብል መልሲ ንክወሃቦ፣ ዕለታት ጾም ዘቅርበልና መንፈሳዊ-መጸዋዕታ ኢዩ። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod:

# "ዕለተ - ትውልዲ-ዶ ይሓይሽ ይኸውን ወይስ ዕለተ-ሞት፤"

ካብ ክልቲኣቶም ሓዲኦም ክም-ዝሓይሽ፡ ወይ'ውን ክልቲኣቶም ብማዕረ ክምዝሕሹ፣ ንኽንፈልጥ፥ ሕሉፍ ታሪኽናን፡ ተመኩሮናን፥ እንደገና'ውን ጥበበ ህልው-ኩነትናን፡ መጻኢ-ትጽቢትናን፥ ኪግምግሞ ዘሎዎ፡ ገርሃይኛ ዚኾነ፡ ተወዳዳሪ ዚመስል ሕቶ'ዩ። ናይ ሕልና ካብ-ነጻነት ዝተወንዘፈልና ለባውያን ፍጡራት ስለ-ዚኾና ከኣ፡ ክምኡ ተባሂልና ንክንሕተተን፥ ንኣኡ ዚኸውን መልሲ ንኪንህብን፥ ባይታ ይፍጠረልና። ብዓውደ-ኣዋርሕ መሠረት እነሰላስሎ ዘሎና ናይ'ዚ ህልው-ዘመና ዝከረ-ዕለታት ናይ ታሪኩ-ድሕነት ከኣ፡ ነታ ቀዳመይቲ ተወዳዳሪት ንዚኾነት ሓተታ፣ መልሲ ንክንህበላ ትሕግዘና። ናይ መድኃኒና ኢየሱስ-ክርስቶስ ተፍጻም ምድራዊ-ታሪኹ፣ ከም'ቲ ኣብ ኩሎም ደቂ-ሰባት ዚፍጸም ባህርያዊ ትልሚ-ትውልዲ፣ ብዝተለምደ መንገዲ፡ ኣገባበ-ስርዓቱ ክሕዝ ክም-ዝተረኸበ ምንም ዘማትእ ኣይኮነን። ማለት፦ ኣብ ማሕጸና ተሰኪማ እትሳሲ እኖ፣ ሓቍፋን፡ እሰረሮ ኢላን እትምግብ እኖ፣ ታቲያን፡ ኣፍቂራን፡ ገሲጻን እተዕቢ እኖ፣ ኣስተምሂራን፡ ሓላፍነት ኣልቢሳን እትከታተል እኖ፡ ስለ-ዚነበረቶ፣ እቲ ምእመናን-ክርስትና ዕለት-ብዕለቱን፣ ዓመት-ብዓመቱን፣ ንዝማናት ዓመታት ኣብ ማሕበራዊ ተዘክሮና እንዋሰኣሉ ዕለተ-ትውልዲ ናይ መምህርና ክርስቶስ፤ ንሕይወት ደቂ-ሰባት ዋጋ-ዝኸፈለ፡ ኣኽብሮ'ውን ዚሃበ ብምዃኑ፣ ምስ ማንም ኩነት ናብ ውድድር ዚኣቱ ኣይኮነን። ማለት፦ ብኹሉ መዳያቱ፡ ወትሩ ዚጸበቀ'ዩ ተባሂሉ ፍርዲ ዚወሃቦ ንናይ ምዃኑ ኩነት ስለ-ዘይንነጽጎ። ሓቂ'ዩ! ዘይተወለድካ ኰይንካ ምትራፍን፡ እሞ ኸኣ ተፈላጥነት ምርካብን፣ ብጭብጢ፡ ንሕና እዞም ለባውያን ዚኾና ደቂ-ሰባት፡ ተመኩሮኡ ስለ-ዘይብልና፣ ኩነተ-ህልውናኡ ክም'ዚ'ዩ ዚመስል ክንብሎ ኣይንኽእልን ኢና። ክም'ዚ'ዩ ዚመስል፡ ግንከ! ኣይተማህዘን፡ ኣይተወልደን'ውን ኣይንብሎን። ስለ'ዚ፦ ብሕይወት ንናይ ምህላው ኩነት ክተረጋግጽ ካብ ምኽኣል ዚዓቢ ህያብ ዘሎ ኣይመስልን'ዩ ኢልካ ናእዳ ምሃብ-ግን ግቡእ ቦታኡ ዚሓዘ'ዩ፣፣ ማለት፦ ኣይግድን'ዩ ብምባል፡ ናብ ምንእኣስ ዚኣቱ ስነ-መጕት ብዘይ-ምዃኑ። ስለ'ዚ እምብኣር፦ ዕለተ-ትውልዲ ክም-ዘሎካ ግረጋገጽ ምኽኣሉ፣ ኣብ'ቲ ዓንኬል ፍጽምና፣ ናብ ዚኾነ፡ ማለት፦ ካብ መልዕልተ-ባህርያዊነት መበቊል ረኺቡ፣ ተፈጥሮኣዊ ኩነት ኪለብስ ዚተረኸበ፡ ብናይ ህልውናኻ ግዙፍነት፡ ስለ-ዝረጋገጽ'ዩ፣፣ እቲ ክትህሉ ምኽኣል ከኣ፡ ነጸብራቅ ናይ'ቲ ፍጹም ዚኾነ፣ ብፍጽምና ከኣ፡ ንዘይ-ህሉው፡- ህሉው ዚገብር፡ "እግዚኣብሔር-ፈጣሪ" ብምዃኑ፣ "ዕለተ-ትውልድና" ልዑል ቦታ ኣሎዋ ንብል። ዋግኣ ልዑል ክም-ምዃኑ መጠን፡ መረድኢ ዚኾነና ጭብጥነት ከኣ፡ እዙይ ቅድሚ ኣዝማናት-ዓመታት ዝተፈጸመ እሞ ከኣ ዓመት-ብዓመቱ "ዕለተ-ልደት ናይ ክርስቶስ" ብምባል ክነብዕሎ እንርከቦ ዘሎና መስካሪ ምዃኑ'ዩ። ዕለተ-ልደተይ'ዩ ኢልካ ክተረጋግጽ ምኽኣል፦ ገራሁትካ ምድኳዕን፣ ትልምኻ ምትላምን፣ ዘርእኻ ምዝራእን፣ ንገፈር-ገፈሩ ምጽህያይን፣ ዝኣመሰለ ግዳማዊ-ዕዮ ኪዕየ ክም-ዘሎዎ፡ ንንፍስወከፍ ለባዊ-ፍጡር ንዘበለ፡ ዚመርሕ ሓባራዊ ትምህርቲ ዘሎዎ ኢዩ። ነዚ ዚተባህለ ረዚን ኣብነተ-ትምህርቲ ናይ ዕለተ-ልደተ-ክርስቶስ፡ ኣብ ልብና ዓቍርና ካብኡ ክንምገብ እንተ-ተረኺብና፣ ብርግጽ ነታ ካልኣይቲ መወዳድርቲ ንእትመስል ሓተታ (ዕለተ-ሞት ማለት'ዩ)፡ ቅኑዕ-መልሲ ንክወሃብ ከኣ ኣይ-ከጸግምን ኢዩ። ምኽንያቱ፦ ሓሳበ-ነገር ናይ "ትውልዲ" ንሓንሳብ ጥራሕ'ዩ ዝትለም። እቲ ዝስዕብ ሕይወት፡ ምድራዊ ይኹን ወይስ ናይ ተስፋ-ሕይወት ግን፡ ሰንሰለታዊ ዚኾነ ናይ ዓያዩነት ጠባየ-ባህርይ ዘሎዎ ብምዃኑ "ንምትግባር" ጥራሕ እዩ፡ ካባና፡ ካብ-እዞም ለባውያን ፍጡራት ዚኾና ትጽቢት ዝግበረልና። ንዕለተ-ትውልዲ ድኣም'በር፡ ንዕለተ-ሞትስ ድቃስ ኣይ-ንስኣነላ ንማለት ኢዩ። ምናልባት ክምኡ ኰይኑ እንተ-ዘይተረኺቡ-ግን ንዝድወል ድምጺ ደወልን፡ ንዝንፋሕ መለኸትን ንምስማዕ ኣእዛና ነስናዱ። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod

*Ohhhh.... Shalom & Marhaba sage ich euch aus Stgt!*
*Ich bin Abatie (Abba Yosieph). Ich schreibe als Weihnachten & Neue Jahr Geschenk, eine kurze Biblische Zitat für alle, die in den Geez-Ritus St. Justin de Jacobis Gemeinde als Ministranten, Schüler oder einfach als Freunde aktiv wart & noch Seid. Mein Persönliches Ratschlag ist so: wie Apostel Paulus vor zweitausend Jahren schrieb:- „Über eure Lippen komme kein böses Wort, sondern nur ein gutes, das den, der es braucht, auferbaut und denen, die es hören, Nutzen bringt! Seid gütig zueinander."*
*Waowww... wie schön... !! Wenn, Euer beziehung so gut bleibt, Ihr seid Jesu liebster Jugendliche, Ministranten & sein bester Freunde.*
*Viele Liebe Grüße & gesegnetes Jahr 2019*
*Euer*
*Abatie!!!*

**ርሑስ ዘመን ይግበረልና**

ብገርሃይኛ ኣዘራርባ ዝቀርብ ትምህርቲ
**ለቡ/NB): ሓበሬታ ዚደሊ፡ ንኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ ክሓትት ይኽእል**
Mühlrain 51, 70180-Stuttgart; Tel.0711-6494647, Fax-6491143

## *ነንብብ ክንዕንብብ ቍ.99/2018*

## *„ክም'ቲ ጸሓፍትን፡ ፈሪሳውያንን፡ ዚገብርዎ ኣይትግበሩ፣ ነቲ ዚብልዎ ግን ግበርዎ::"*

ሎምን: ዓመት ብዓመቱን ከነብዕሎ እንርከቦ ዘሎና ዕለተ-ዝክረ-ሞት ናይ ኣቦና ያዕቆብ ዩስጢኖስ፦ ጽባሕ ሰሉስ፡ ዕለት ፳፱ ብኣቈጻጽራ ጁልያኑስ (ወይ ከዓ 31 ሓምለ፡ ብኣቈጻጽራ ጎርጎርዮስ) ምውዓሉ'ዩ። ሎሚ-ዘመን፡ እዚ ዝኸሪ'ዚ ፍልይ ዘብሎ ኩነትን፡ ህያብን፡ ተረኺቡሉ ኣሎ። ካብ 1998 ዓመተ-ምሕረት ኣትሒዙ ክሳብ ዝሓለፈ-ሰሙናት ኣሕዛብ ሃገራትና፡ ብዕሽነትን፡ ብሥስዐን፡ ብምቅንናእን፡ ተዓብሊሎም፣ ክፍኣት ዝሕላኑ ሓዲስ-ልባስ ለቢሶም ስለ-ዝተረኽቡ፣ ሓዘና ብምግላጽ፡ ኣብ ጸሎት ክም-ዝተጸመድና እንዝክሮ ምኳኑ ናይ ነፍስወከፍና ሕልና ኪምስክሮ ዚክኣል ንናይ-ምኳኑ ኩነት ኣሉታዊ መልሲ ኣይንህበሉን። ሓዋርያ ናይ ምድረ-ሓበሻ ንኪኾኑ ብቅዓትን፡ ዓወትን፡ ዚረኸቡ ኣቦና ያዕቆብ ዩስጢኖስ፣ ቅድሚ 158 ዓመት ኣቢሉ፡ ማለት፦ ብ1860 ዓመተ-ምሕረት፡ ኣብ ኣፋፍ-ሞት ኣብ ዝተረኸቡሉ ሰዓት፣ ነቶም ቃለ-ወንጌል ንምእንቲ ከበስሩ ቃል ኣትዮምስ፡ ኣብ ዅስኵሳ ተጸሚዶም ንዚነበሩ ኣርድእቶም ዚኾኑ ውሉድ-ሓበሻ፣ ትንቢታዊ ዚኾነ „ረዚን መልእኽቲ" ኣመሓላሊፎምሎም ክም-ዝዓረፉ ዝተሰነደ ገድለ-ታሪኾም የዘኻኽረና። እዚ ከኣ እንታይ ዝብል'ዩ ይመስለኩም፤ እንተ-ተባህሉ፦ „ደቀይ መዓረይ! ሓድነተ-መንፈስን፡ ሓድነተ-ሥጋን ይሃልወኩም፣ ነንሓድሕድኩም ተኸባበሩ"፣ ዝብል ኣባታዊ ማዕዳ'ዩ። ነዚ ዝተዋህበ ለበዋ ናብ ግምት ብምእታው ከዓ ንሕና፦ እዚ ብስሞም ተተ'ኺሉ ዘሎ ቍምስናና፤ ነቲ ንሳቶም ንዝሃብዎ መንፈሳዊ ምልኣተ-ሓሳባት ንምትግባር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ተረኽቦታት፡ „ኣበስነ" ብዝብል መንፈስ ተሰንዩ፣ ናይ ሰላም ሃዋሁው ንምእንቲ ኪነግስ፣ ካብ ምዝኽኻርን፡ ምምህላልን፡ ሽለል ኪብል ኣይተረኽበን። እንሆ ከኣ፡ ድሕሪ ዕስራ ናይ ተግሳጽን፡ ናይ ንስሓን፡ ናይ ልመናን-ዓመታት፣ እቱይ መንፈስ ኣቦና ጽላሉ ናባና ኪምለስ ዝወሰነ ኰይኑ ይርከብ ኣሎ። እዚ ማለት፦ ነቲ ንብዙሕ ወለዶ ዚኣክል ንሕብረተ-ሰባትና ክመንምን ንዝተረኽበ ሰብኣዊ-እከይ-ተግባር፣ ብመማልድነት ኣቦና ያዕቆብን፡ ጻድቃን ውሉደ-ሓበሻን፡ ኣቢልና ለውጢ ክንረኽበሉ ንመፈለሚ ትልምና ንቅድሚት ደረኽና ማለት'ዩ። እዚ ከኣ፦ ካብ „ተግባረ-ጸሓፍትን፡ ፈሪሳውያንን፣ ንኪንገላገል ናይ ምፍታና ምልክት ኰይኑ ኣሎ"። ማለት፦ ካብ'ቲ ብልማድናን፡ ብስነ-ሳይንሳዊ ጥበብናን ተታቲና ካብ እንተኽሎን፡ እንሓንጸን፡ ማሕበራዊ-ደርብታትና (ናይ ድኽመትን፡ ናይ ሰናይን ተግባራት ማለት'ዩ)፣ ነቲ ዝሓሸ ንክንወስድ ምርጫ ዚወሰድና ንመስል። እዚ ኩሉ ከኣ ነቲ ኣፍራዪ ኪኽውን ንዝኽእል ሕልናኣም፡ ናብ ዓያዪነት ካብ ዘጠመቱ ውሑዳት ውሉድ ዝተኾልዐን፣ ንሓባራዊ-ረብሓ ኢልካ ንሕይወትካ ኣብ ቅድመ-ግንባር ምስላፍ ክም-ዝሓይሽን ዝተረድኡ ዜጋታት ኪቀላቀሉ ስለ-ዝተረኽቡን'ዩ። ቅድሚ ክልተው-ሺሕ ዓመታት፡ ኣብ ዘመነ-ኣበውን፡ ዘመነ-ነብያትን፡ ናይ ብሉይ-ኪዳን፣ ገና'ውን ድሒሩ ኣብ ዘመነ-ሓዋርያትን፡ ካልኦት ላኣካንን፡ ናይ ሓዲስ-ኪዳን፣ ዚምዕብል ዝነበረ ፍቅራዊ-ኣዋጅ፣ ወትሩ ንድሕነትን፡ ምዕባሌን ናይ ደቂ-ኣዳም ዘተኰረ መልእኽቲ ምንባሩ፡ ብብዙሕ ዅርንዓት ክንምልከቶ ይክኣል። ብዓቢኡ-ግን፡ በቲ ዕለታዊ ኣከያይዳ ናይ ምእመናን-እግዚኣብሔር ኪግምገም እንከሎ፣ ዓዕጋቢነቱ ንጹር ካብ ምኳን ኣይኸወልን። ኣብ ናይ ቅድሚ 158 ዓመታት ዘመን፡ መንፈሳዊ ሓላፍነት ብምቅባል ትልሚ ዝትልሙ ዚነበሩ፦ ናይ ሰላም-ሓዋርያን፡ ፈታው-ማርያምን፡ ዚብል ስሙ-ቅጽል ዝተዋህቦም ኣቡ-ሓበሻ ዚኾኑ ያዕቆብ ዩስጢኖስ፣ ናይ መንፈስ ደቆም ንዚነበሩ ሕዝበ-ሓበሻ፡ ዝትምነዩሎም ዚነበሩ ህያበ-ርኽበት፡ ብግልጺ እንተ-ተመስከረ፦ „ሰብ-ሓድነትን፡ ሰብ ፍቅርን" ኾይና ንምርካብ'ዩ ነይሩ። እቲ ካብ ኩሉ ንኣይ ከገርመኒ ዚርከብ ኩውንነት ግን፦ ኣብ ሕሉፍ-ተዘክሮታትና ተመሊሰ ክዕዘቦ እንከሎኹ፦ „ጻድቃንን፡ ሰማዕታትን፡ ኣብሰርቲ-ወንጌልን" ዚኾኑ ውሉድ ዝዓንደሩሉ ቅዱስ-መሬትን፣ ዝባረኹዎ ወሓይዝን፡ ዝተኸሉዎ ገዳማትን፡ ጸጋ-ምስጢረ-ጥምቀት ዝዓደሉዎምን እሙናት ምእመናን ዝፈረየ፣ ዘባ ፍርሕን፡ ዓጸቦን፡ ተስፋ ዝጐደሎን ኰይኑ ንዓሰርተው-ታትን፡ ኣማእት-ዓመታትን ኪንተት ኪርከብ እንከንርእዮ'ዩ። ምናልባትዶ፡ ገለ ካብ'ቲ ናይ ዝቀደሙ መጸብሓውያንን፡ ፈሪሳውያንን ጠባያት ዝወረስናዮ ሃልዩና ኰይኑ'ዩ ዝብል ፍርሒ ብተደጋጋሚ ክም-ሕርኸርኽታ ይስምዓኒ። በቲ ካልእ ሸነኽ ከዓ፡ ናይ ምምስጋንን፡ ናይ ምንሳሕን-ምጻምን፡ ናይ ምልዋህን ጠባይና ንምእንቲ ኣርኣያነት ካልኦት ኪሰበኽ ንምእንቲ ክኽእል ኢሉ ኣምላኽ፦ ስለ-ዝተፈቶና „ክም ወርቂ ብሓዊ ንክንፍተን" ዝቀርበልና ጊዚያዊ-ኩነት ኰይኑ ዚመጸና ኪበሃል ይክኣል ዝብል ግምገማ ክገብረሉ እርከብ። ልክዕ ንምእንቲ ከምኡ ኰይኑ እንተ-ተረኺቡልና እንብኣር፦ ብሓቂ ዘሓጉስን፡ በረከተ-ጸጋ ዝዕድልን ካብ ምኳን ሓሊፉ፡ ካልእ ዝወሃቦ ትርጉም ስለ-ዘይብሉ፤ ነቲ ብሕልናናን፡ ብግዳማዊ ኣከያይዳናን ክንግንዘቦ ንዝግብኣና ጠባየ-ባህርይና፡ ኣነጺርና ብምፍላጥ፡ ክንምስክሮ ከድልየና'ዩ። ነቲ ናይ ዝሓለፈ-ኣዝማናት መልእኽቲ፡ ማለት፦ ቃለ-ነብያትን፡ ቃለ-ሓዋርያትን፡ ብዓቢኡ ከኣ፡ ንቃለ-ክርስቶስ፡ ኣብ ምውድዳርን፡ ምጕትን፡ ጥራሕ ዚዚውተረሉ ባይታ ንክንጸድሖ ዘይኮነስ፣ „ብሕይወትና"፡ እኳ'ውን ድኣ፦ „ብግብሪ" ክንነብረሉ ክንርከብ ይግብኣና። ብግብሪ ዝተሰነየ-ሕይወት ተሳኢኑስ፡ ነቲ ንቡር ዕለታዊ ኣከያይዳኣም ክም-ዚግባእ ኪመርሑ ዝርከቡ ውሉድ ብጭራሽ ተሳኢኖም ኣሎዉ ኢልና፡ ዓቀን ብዘይብሉ ኣውያት ኣይ-ነእውን ኢና። ምኽንያቱ፡ ኣይተሳእኑን ኣሎዉ! ዅልና ክንኮኖ ዚግብኣና ሓላፍነታዊ-ሽኽሚ ብምኳኑ፡ እሞ ኸዓ ስለ-ዘይኮና-ግን፣ ሎሚ-ክም-ሎሚኡ ኣነጺርና፡ ኣይኮናን ኣሎና ንብል። ኣብ ዝሓለፈ ዕለታት፡ መፈለሚት ሰሙን ናይ'ዛ ሎሚ-ዕለት ዳርጋ ኣብ ምዝዛማ ኣብጺሕናያ ናይ ዘሎና ወርሒ ሓምሌ-2018 ዓመተ-ምሕረት፣ ምስ ገለኻትኩም ምእመናን ናብ ከተማ-ሮማን፡ ገዳም ካሳማርን ኣብ ሃገረ-ጥልያን፣ ቅርያት ኣቦና ፍስሓ ገብረ-ኣምላክ ተነቢሩሉ ኣብ-ዘሎዎ ቅዱስ-ደብሪ፡ ንንግደት ክንከይድ ንሽባሽበሉ ኣብ ዝነበርናሉ ሰዓት፣ ሓንቲ ነቲ ሓበረታ ደንጕያ ዚሰምዐት ትግህቲ ምእመን ሓፍትና፣ „ብሓቂ ጸሊምን፡ ኣካልናን፡ ኣቦ-ሓጎናን፡ ቛንቛና ዚዛረቡን ጻድቅ-ሓበሻ ኣሎዉና"፤ እናበለት፣ ኣድናቆታ እናገለጸት ሓተታኣ ኣቕረበት። „እወ ኣሎዉ"፡ ዝብል መልሲ ኣብ ዝሰምዓትላ ሰዓት ከዓ፣ ክልተ-ሰለስተው ጊዜ ክትሓስብ ዕድል ከይሃበት፣ በቲ ዝረኸበቶ ሓበሬታ ተሓጕሳ፣ „ዜጋና ዚኾኑ፡ እሞ ኸዓ ትግርኛ ዚዛረቡ፡ ዘገርምን፤ ዓቢይ ህያብ'ዩ'ዚ! ብምባል፣ ሕልነኣ ኣለዓዒሉዋ ኣብ'ቲ መንፈሳዊ-ንግደት ክትሳተፍ ተረኽበት። ዅርዓት እናተሰምዓ ከኣ፡ ክት-ንየተሉ ብእትኽእል ብናይ-ሓድሕዶም ዚኾነ ልሳን-ሃገራትና ገይራ፣ ንምእንቲ ከማልዱላ ብምባል፡ ጸሎተ-ምህለልኣ ከተዕርግ ተቀዳደመት። ርኣዩ! ንዅሉ ኩነተ-ኣከያይዳና፡ ኣሳልጠን፡ ዓወትን፡ ዚህብ መደምደሚ ጕዳይ፡ ወትሩ፣ „ብተግባር" ዝተሰነየ ኰይኑ እንተ-ተረኺቡ ጥራሕ'ዩ ምስክርነትና ንክንህብ ሸውሃትና ዚኸፈተልና፣፣ በዚ መሠረት'ዚ ኸዓ፡ መሓጕሲናን፡ መቀደሲናን፡ ካብ ምኳን ዝዓግቶ ኣካልን፡ ኩነትን፡ ኣይርከብን። እቱይ ቅድሚ ዕስራን-ሓደን ዘመን፡ ብመምህር ክርስቶስ ዝተዋህበ መርሖ-ቅድስና፣ ኣሪጉን፡ ጊዜኡ ዘሕለፈን ትምህርቲ ኢዩ ተባሂሉ ዝእለ ብዘይ-ምኳኑ፣ ሎሚ'ውን'ኳ ይኹን፣ ንስኻትኩም'ውን ተደነሱሉ እንበሃለሉ ስለ-ዚኾነ፣ „ነተን ቃላተ ሓዋርያ-ሓበሻና ንናይ ዚኾኑ" (ማለት፦ ናይ ቅዱስ ያዕቆብ ዩስጢኖስ)፣ ንክነትግብረን ትግሃት ይሃልወና ንምባል'ዩ። እቱይ ቀዳማይ ስድሪት ናትና፦ ኣብ'ተን ዝሓለፋ መዓልታት ዝተራእየን፡ ዝተሰምዐን፡ እሞ ኸዓ ሰናይ ዚኾነ ብስራተ-ሰላምን፡ ፍቅርን፡ ዝሓዘለ ኣዋጅ ናይ ዘባና፣ ቃል ኣቦና ንምእንቲ ከይዓብር፣ ብፍጥነት፡ ክንሰርሓሉን፡ ክነደዅዖን፡ ክንምርቆን፡ ከድልየና'ዩ። ናይ መማልድነት በረኸቶም ኣይጋደፈና። ኣሜን። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Yosieph Beyed Awod

*Jesus betete zu seinem Gott Vater:-*

***„Alle sollen eins sein, damit die Welt glaubt".*** (Joh.17..)

*Wie schön ist es, wenn alle Menschen Einheitlich & Friedlich mit Einander Leben können!!... Let's try it; & I assure you, we will enjoy it.*